# በዓል ብሩራዊ ኢዮቤል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ኒ-ዮርክ ብድምቐት ተባዒሉ

ኣብ ምብራቕ ኣሜሪካ ማለት ኒ-ዮርክ፡ ኒው ጀርስን ከኒቲኬትን ዝቕመጡ ኤርትራውያን ንበዓል ብሩራዊ ኢዮቤል ናጽነት ኤርትራ ብዕለት 14 ግንቦት 2016 ብክብ ዝበለ ሃገራዊ ወንን መንፈስን ብድምቐት ኣብዒሎም።




እዚ ኣብ ከተማ ኒ-ዮርክ ዝተኻየደ መበል 25 ዓመት ዕለተ ልደት ኤርትራ፡ ብዝኽረ ሰማእታትን ኣብ ኣሜሪካ ተወሊዶም ዝዓበዩ ህጻናት ብዝቕረብዎ ሃገራዊ መዝሙርን ብባንዴራ ኤርትራ ተሰሊሞም ናብቲ ኣዳራሽ እናሳዕሰዑ ዝኣተዉ ኣባላት ማሕበርኮም ብዕልልታት ብጭብጨባን ተኸፊቱ። ንጅግንነትን ተወፋይነትን ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቑ ግጥምታት ብመንእሰያት ቀሪቦም።




ኣብቲ ታሪካዊ በዓል ዝተሳተፈ ቀዋሚ ልኡኽ ኤርትራ ናብ ው.ሕ.ሃ ኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም ነቲ ብሩራዊ እዮቤል ኤርትራ ኣመልኪቱ ኣብ ዝገበሮ መደረ፡ “ኤርትራ ሃገርና ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ክትኸውን ዝበቐዐት ህዝቢ ኤርትራ ኣውራጃ፡ ብሄርን ሃይማኖት ከይበለ ብሓደ ልብን መንፈስን ብተወፋይነትን ብጅግንነትን ስለዝተቓለሰ ኢዩ። ሎሚ’ውን እንተኾነ ህዝቢ ኤርትራ ነዛ ብረሃጽ፡ ደምን ኣዕጽምትን ዝመጸት ክብርቲ ሃገሩ፡ ብርሃጹ ይሃንጻን ብደሙን ኣዕጽምቱን ይከላኸለላን ኣሎ። ሕጂ’ውን ከም ቀደምና ቃልስና ነዊሕን መሪርን ኢዩ ዓወትና ግን ናይ ግድን ኢዩ ዝብል ፍቱን ጭርሖ ተሓንጊጥና ኩላትና እጃምና ክነበርክትን ኣሎና” ድሕሪ ምባል፡  ኣብዚ ኣዳራሽ ተኣኪቡ ዘሎ ህዝቢ’ውን እጃሙ የበርክት ከም ዘሎን ከበርክትን ከም ዝኾነን ጸቒጡ ተዛሪቡ።

###+++####